ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዘገልገሉን ዝተፈላለዩ ዘገልገሉ ናይ ቢሮ ኣቑሑ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደሊ

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 7, 2017 ( ቅድሚ 7 ወርሒ)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ነሓሰ 16, 2017 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:2%
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ነሓሰ 16, 2017 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

Ref.No DC/389/10/2025

ምልክታ ጨረታ

ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ዘገልገሉን ዝተፈላለዩ ዘገልገሉ ናይ ቢሮ ኣቑሑ ብጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ስለ ዝደሊ ክትጫረቱ እትደልዩ ትካላት ሲዒቡ ተዘርዚሩ ዘሎ ረቋሒታት እተማለኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ተጫረቲ ኣብ ዘቕረብዎ መጫረቲ ሰነድ ሙሉእ ኣድራሽኦም ከምኡ እውን ማህተም ዘለዎም ማህተም ክገብርሉ ይግባእ። ዝተማለአ ኣድራሻ ዘይመልአ /ዘየቐመጠ/ ተጫረቲ ካብ ጨረታ ወፃኢ ይኸውን።

2. ተጫረቲ ካብ ዘቕርብዎ ጠቕላላ ዋጋ ካብ 2% ዘይነኣሰ ናይ ጨረታ መኽበሪ ኣብ ፋይናንሻል ትካላት ሕጋውነቱ ዝተረጋገፀ CPO ብፖስታ ዓሺጎም ከቕርቡ ይግባእ።

3. ዝርዝር ዝሓዘ ደኩመንት ካብ ዕለት 07/12/2017 ዓ.ም ጀሚሩ ካብ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ማይክሮ ፋይናንስ ጨንፈር ሓወልቲ ብብር 100 /ሓደ ሚኢቲ ብር/ ጥራሕ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት ክትወስዱ ትኽእሉ፣

4. ናይ ጨረታ መኽበሪ ዘየቕረበ ተጫራቲ ካብ ጨረታ ዝስረዝ ምኻኑ ክፈልጥ ይግባእ።

5. ናይ ጨረታ ውፅኢት ከይተፈለጠ ንባዕሉ ካብ ጨረታ ዘግለለ ተወዳዳሪ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ ገንዘብ ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

6. ተጫረቲ ጨረታ ምስተኸፈተ ዋጋ ምልዋጥ ዘይከኣል ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ።

7. ተጫረቲ እቲ ዝካየድ ጨረታ ብጅምላ ወይ ብዓይነት ፈልዮም ጠቕሊሎም ክወዳደሩ ዝኽእሉ ኮይኖም ብተናፀል ምጭራት ዘይከኣል ምኻኑ ክፈልጡ ይግባእ።

8. ጨረታ ደኩመንት ብፖስታ ሸምዒ/ ዝተዓሸገ ኾይኑ ናብ ጨረታ ሳንዱቕ ኣታዊ ዝግበረሉን ናይ ጨረታ ሳፁን ክፍቲ ኮይኑ ዝፀንሐለን ካብ ዕለት 07/12/2017 ዓ.ም እስካብ ዕለት 16/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ዘሎ ግዜ ይኸውን፣

9. ጨረታ ዕለት 16/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 3፡30 ናይ ንጉሆ ናይ ጨረታ ሳንዱቕ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4፡00 ናይ ንጉሆ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ተጫረቲ ወይ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ 4ይ ደብሪ ክፍሊ ፋይናንስ ይኸፈት። ተጫረቲ ወይ ወኪላት ብኣካል እንተዘይተረኽቡ እውን ሕጋውነቱ ክሳብ ዝተረጋገፀ እቲ ዝኣተወ ጨረታ ኩሉ ዝክፈት ይኸውን።

10. ናይ ጨረታ ሰዓራይ ውፅኢት ምስተፈለጠ ካብ ጠቕላላ ዋጋ 10% ናይ ስራሕ ኣፈፃፅማ ውሕስና /unconditional Performance bond/ ከትሕዝ ዝኽእል፣

11. ስዓሪ ጨረታ ውፅኢት ጨረታ ተፈሊጡ ሰዓሪ ምዃኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 5' ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ክፍሊ ዕደጋን ንብረት ምምሕዳርን ቀሪቡ ውዕል ክኣስር ይግባእ።

12. ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ ተኸታታሊ መዓልትታት ናብ ትካል ቀሪቡ ውዕል ዘይኣሰረ ስዓሪ ጨረታ እቲ ንጨረታ መኽበሪ ዘትሓዞ 2% ናብ ትካል ኣታዊ ከም ዝግበር ክፈልጥ ይግባእ።

13. ተጫራታይ ንዝስዓሮ ንብረት መፅዓኒ ባዕሉ ከፊሉ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ከልዕል ይግባእ። ኣብ ውሽጢ 10 ተኸታተልቲ መዓልትታት ንብረቱ ዘየልዓለ ተጫራቲ ነቲ ውዕል ከም ዝጠለመ ተሓሲቡ ዘትሓዞ 10% ናይ ውዕል መኽበሪ ውሕስና Unconditoral Performance Bond/ ናብ ትካል ኣታዊ ተገይሩ በቲ ናይ ትካል ናይ ጨረታ መስርሕ ከምዝፍፀም ክፈልጥ ይግባእ።

14. ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረት ንብረት ኩነታት ብኣካል ቀሪቦም ክሪኡ እንተደልዮም ናብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ኣብ ስራሕ ስዓት ብምምፃእ ክሪኡ ይኽእሉ እዮም።

15. ትካል ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉኡ ይኹን ብኽፋሉ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

16. ተወሳኪ ሓበሬታ እንተድልዩ ኣብ ዋና ቢሮ ደደቢት ትካል ልቓሕን ዕቋርን ኣ/ማ ሳልሳይ ደብሪ ቢሮ ቁፅሪ 313 ብኣካል ብምቕራብ ምርካብ ይካኣል እዩ።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle